ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓዲግራት ንናይ ከተማ ኣብያት ፅሕፈት ኣገልግሎት ዝውዕል ሎት 1 ኤሌክትሮኒክስ ፣ ሎት 2 ፈርኒቸር ፣ ሎት 3 ናይ መኪና ጋራዥ ፅገና ፣ ሎት 4 ናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቅሑት፣ ሎት 5 ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቅሑት ካብ ናይ ዩኤል ጂዲፒ 2ተ በጀትን ካብ ስሩዕ በጀትን ብግልፂ ጨረታ ክዕድግን ኣገልግሎት ክረክብ ስለዝደለየ ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ መዐቀነታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንኽትወዳደሩ ይዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ታሕሳስ 2, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ ታሕሳስ 16, 2011 04:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
ቦታ:ዓዲግራት
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ ታሕሳስ 16, 2011 04:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ፅገና ተሽከርካሪ/

1 ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝኸፈልኩምን በቲ ዘፈር ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ቅዳሕን ዋንኡን ሒዝኩም እትመፁ

2 ናይ ነጋዳይ መለለይ ቁፅሪ (Tin number)

3 ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትኽእሉ

4 ንተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምሉ መራዳእታ ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ሒሳብ ዘፍለጥኩምሉ መረዳእታ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትኽእሉ፤ እዚ ንናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቅሑት ኣይምልከትን፤

5 ኣብ ናይ ጋራዥ ፅገና መኪና እትወዳደሩ ነጋዶ ደረጃ 3ተ ልዕሊኡን ምኳንኩም ዝገልፅ መረዳእታ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትኽእሉ፤

6 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ 30/03/2011 ዓ/ም ጀሚረኩም ክሳብ 15/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 11.30 ንነብሲ ወከፍ ዘይምለሰ 50.00 ቅርሺ እናኸፈልኩም ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ከተማ ዓዲግራት ምውሳድ ትኽእሉ።

7 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ መኽበሪ ጨረታ ንኤሌክትሮኒክስ 10000.00 ሽሕ ቅርሺ ፣ ንፈርኒቸር ኣቅሑት 6000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ንናይ ጋራዥ ፅገና መካይን 4000.00 ሽሕ ቅርሺ ፣ንናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቅሑት 4000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ንመለዋወጢ ኣቁሑት መኪና 5000.00 ሽሕ ቅርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይድማ ጥረ ገንዘብ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ክተድሕዙ ይግባእ።

8 ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓዲግራት ዝርከብ ኮይኑ እቲ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ እዋን ጀሚሩ ንተጫረቲ ክፍቲ ይኸውን።

9 ሳንዱቅ ጨረታ 16/04/2011 ሰዓት 4.00 ተዓሺጉ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4.30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓዲግራት ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10 እቲ ዝምላእ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ ኣይገባእን ስርዝ ድልዝ እንተሃሊዩዎ ግና ፊርማ በዓል ዋና ክዓርፎ ይግባእ።

11 ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝገበቲ እትመልእዎ ዋጋ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝሓወሰ ክኸውን ይግባእ።

12 ኣብቲ ዝተመልኣ ዋጋ ብዛዕባ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዘይተገለፀ እንተኾይኑ እቲ ዝተመልኣ ዋጋ ምስ ተወሳኺ እሴት ታክስ ከምዝተመልአ ተሓሳቢ ይግበር።

13 ኣብ ነብሲወከፍ ገፅ እቲ ሰነድ ማሕተምን ፊርማን ናይቲ ትካል ክግበረሉ ይግባእ።

14 ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብኣካል ናብ ቤት ፅሕፈትና ብምምፃእ ወይድማ በቁፅሪ ስልኪ

0344-450282   0344-450607 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle